## ናይ ምንባብ ተገዳስነት ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ፡

ብዛዕባ ትፈትዎ ገጸ-ባህርያትን ኣርእስትታትን ዚገልጽ ዛንታታት ምንባብ ዝያዳ ንክተንብብ ድሌት የሕድር። ንውሉድኩም ንዕዑ ዝኸውን መጻሕፍቲ፡ዋዛታትን መጽሔታትን ንክረክብ ሓግዝዎ።




## ንባብ ዝፈጥሮ ሓጐስ ምክፋል፡

ምስ ውላድኩም ብዛዕባ እቲ ዘንበቦ ተዘራረቡ። እቲ ዝርርብ እንዳዘናግዐን እንዳመሃረን ንውላድኩም መሊሱ ንኸንብብ ባህታ ዝፈጥር መታን ክኸውን ።



## ንኤለክትሮኒካዊ መራኸቢ ብዙሓን ብግቡእ ምጥቃም፡

እቶም ኤለክትሮኒካዊ መራኸቢ ብዙሓን ዚጥቀሙ እውን የንብቡ እዮም። ምስ ውላድኩም ንባብን ምህዞ ወይ ፈጠራ ዘተባብዑ ኣፕሊኬሽን ምድህሳስ።



## ኣብያተ-መጻሕፍቲ ምኻድ ምዝውታር፡

ህዝባዊ ቤት ንባብ ማራኺን መዘናግዒ ቦታ ኮ ይኑ፡ ንቼልዑ ዝኸውን ንጥፈታት ዘለዎ ኢዩ። ምስ ውሉድኩም ኣብ ጥቓኹም ዘሎ ቤት-መጻሕፍቲ ዳህስስዎ።



# ውላደይ ምንባብ ይምሃር ኣሎ


ንውላድኩም ንባብ ንኽመሃር በዚ መንገዲ እዚ ክትድግፍዎ ይክኣል።



SIKJM
ISJM
ISMR

Tigrinya / Tigrigna / Tigrino

**ምስ ውላድካ ምዕላል፡**
ሰፍሕ ዝበለ መዓልታዊ ዝርርብ ንባብ ንምምሃር ኣገዳሲ መሰረት እዩ። ምስ ውላድኩም በቲ ናይ ልብኹም ቋንቋ ማለት ትመልክዎ ቋንቋ ተዛረቡ።



**ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ብናቱ ስጉምቲ፡**
ምንባብ ምምሃር ግዜ ዝወስድን ኣድካምን እዩ። ውላድኩም ሓቦ ከይስእን ብዘርእዮ ስጉምቲ ወይ ምዕባለ ክንኣድ ይግብኦ።



**ምንባብ ተውህቦ እዩ።**
ንውላድኩም ኣብቲ ምንባብ ዝመሃረሉ እዋን ውን ተኾነ ኣዘውቲርኩም ኣንብቡሉ። ኣብ ዛንታታት ዘለዎ ፍቅሪ ንኽዓቢ ይሕግዞ እዩ።



**ኣርኣያ ክትከውን ምኽኣል፡**
ቈልዑ ዝምርሑሉ ኣርኣያ የድልዮም እዩ። ንባብ ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ግደ ኸም ዘለዎ ንውሉድኩም ኣርእዮዎ።



ኣሳእሊ: Patricia Keller

## ስዊዘርላንዳዊ ትካል መራኸቢ ብዙሓን ቈልዑን መንእሰያትን SIKJM/ISJM/ISMR

SIKJM/ISJM/ISMR ንናይ ህጻናትን መንእሰያትን ናይ ስነ ጽሑፍን ናይ ንባብን ምልላይ ውፉይ እዩ ። ንቈልዑን ንመንእሰያትን ናይ ቋንቋን ጽሑፋትን ንኽረኽቡ ዘኽእሎም ፕሮጀክትታት ይነድፍ፡ ክኢላታት ሰብ ሞያን ወለድን ከኣ ውላዶም ነቲ ናይ ቋንቋን ናይ ምንባብ ክእለቶም ብኸመይ ንኽማዕብሉ ክሕግዝዎም ከም ዝኽእሉ የርኢ።

ኣብ ድሕረ ገጽ ናይ SIKJM/ISJM/ISMR ብዙሕ ዝዓይነቱ **ናይ መራኸቢ ብዙሓን ኣመት** ከም መጽሓፍቲ፡ ዋዛታትን መጽሄታትን፡ ንዝተፈላለየ ዕድመን ተገዳሰነት ዝኸውን፡ ከም ዓው ኢልካ ዝንበብ ድዩ ወይ ንገዛእ ርእስኻ ዝንበብ ክትረክብ ትኽእል።

ምስ **መዓልቲ ምንባብ ስዊዘርላንድን፡ ናይ ምዝንታው ምሸት ስዊዘርላንድን** ብምትሕብባር SIKJM/ISJM/ISMR ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ሃገራዊ ፍጻሜ የዳሉ። ኣብዘን መዓልታት እዚኢን ሕጻናትን መንእሰያትን ብሓባር ኣብ ጽንጽዋይ ዘሎ ደስታ የስተማቕ።

**ዝያዳ ሓበሬታ፦**
www.sikjm.ch / www.isjm.ch / www.ismr.ch

SIKJM
ISJM
ISMR

Schweizerisches Institut
für Kinder- und Jugendmedien

Institut suisse
Jeunesse et Médias

Istituto svizzero
Media e Ragazzi